Tigrinya / ትግርኛ

# MATURA NAVIGATOR SG




ኣብዚ መድረኽ ወይ ኣብቲ ስእላዊ ምልክት ጠውቑ እሞ ኣየኖት ናይ ሞያ ስልጠናታት ዕድላት ከም ዘለኩም ተወከሱ

www.maturanavigator.ch

MATURA NAVIGATOR SG

# 6. መባእታዊ ደረጃ ትምህርቲ

(6. Primarklasse)



MATURA NAVIGATOR SG




# ታሕተዋይ ደረጃ ትምህርቲ 7ይን 8ይን

(Untergymnasium)

እዚ Untergymnasium ዝበሃል ደረጃ ትምህርቲ ናይ ሻብዓይን ሻምናይን ክፍሊ እዩ። ኣብዚ ደረጃ ድማ መናእሰያት ዝተፈላለየ ፍልጠታት ክቐስሙ ይኽእሉ። ተመሃሮ Untergymnasium ቀልጢፎም ዝርድኡ፡ ብስነስርዓት ዘጽንዑን ምስ ምሉእ ተገዳስነት ዝሰርሑን እዮም። ልክዕ ከም ጂምናዝዩም ከኣ እቲ ልምዲ ናይ ምትሕልላፍ ፍልጠትን ምህናጽ ውልቀ- ብቕዓትን ይዝውተር።

እቲ ዓይነት ትምህርቲ ን ናይ ፎልክስ ሹለ ኣገባብ ዝኸተል እዩ። ብዝሒ ሰዓታት ትምህርቲ ናይ ነፍስወከፍ ሳብጀክት ካብቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ብኸፊል ይፍለ እዩ።

Untergymnasiums ዝተማህረ ሰብ ናብ ጂምናዝዩም ብዘይ ፈተና ክኣቱ ዕድላት ይኽፈተሉ እዩ።

### ዝተደልዩ ጕጅለ

እዚ Untergymnasium ብቕዓት ዘለዎም ተማሃሮ ቀዳማይ ደረጃ ከምኡ’ውን ንመጻኢ ዩኒቨርስቲ ክመሃሩ ዝደልዩ መናእሰያት እዩ ዝምልከት።

### ንውሓት ግዜ

2 ዓመት

### ክፍሊት

እዚ Untergymnasiums ብመሰረቱ ነጻ ትምህርቲ እዩ። ገለ ገለ ግብሪ ዝኸፈል ግና ኣለዎ። ናይ መምሃሪ ናውቲ፡ ናይ ክላስ መገሻ፡ ናይ ስኪ ቦታ ዝኽየዶ፡ ናይ ሰሙናዊ ፕሮጀክት ወዘተ ብወለዲ ክኽፈሉ ኣለዎም። ብጠቓላላ ድማ ክሳብ ናይ 2‘100.–CHF ክፍሊት ኣብ ግምት ምእታው የድሊ (እዚ ብዘይ ናይ ባቡር ክፍሊትን ብዘይ ተወሳኺ ክፍሊት ናይ መዓልታዊ መእለዩ ወጻኢታት እዩ)።

### ምስክርነት

የብሉን፡ ብዘይ ፈተና ናብ Gymnasium የእቱው

# 2. ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

(2. Oberstufe)



MATURA NAVIGATOR SG

# 3. ከልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

(3. Oberstufe)



MATURA NAVIGATOR SG




# ሞያ

(Lehre EFZ)

Das Eidgenössische Fähigkeitszeugnis (ናይ ሞያዊ ስልጠና ዝወሰድኩሞ ምስክር ወረቐት) ድሕሪ ናይ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመታት ሞያዊ ስልጠና ብዓወት ምዝዛም ዝወሃብ ምስክር ወረቐት እዩ። ነዚ ንምብቃዕ ድማ ኣብታ ናይ መወዳእታ ዓመት ናይ መልቀቒ ፈተና ምሕላፍ የድሊ። እቲ ፈተና ካብ ግብራዊን ክለሰ-ሓሳባውን ዝተዋጸአ እዩ። ኣብ እዋን ስልጠና ድማ ተማሃሮ ነዚ ሞያ ኣብ ሓደ ትካል እንጓ ቐሰሙ ጎኒ ጎኑ ድማ Berufsfach-schule (ናይ ስራሕ ክኢላ ትምህርቲ) ይመሃሩ። ተወሳኺ ትምህርቲ ናይ Berufsmaturität (BM 1) እውን ዝከኣል እዩ።

## ዝተደልዩ ጉድለ

እዚ Eidgenössische Fähigkeitsausweis (EFZ) ነቶም ግዴታዊ ትምህርቲ ደረጃ ብግቡእ ዝወድኡን መሰረታዊ ትምህርቲ ናይ ሞያ ዝቐሰሙን ስራሕ ክጅምሩ ዝደልዩን እዩ።

## ንውሓት ግዜ

ከም ግቡእ ሓደ ሞያዊ ስልጠና ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመት ይወስድ።

## ክፍሊት

መብዝሕቱኡ ግዜ እዚ ሞያዊ ትምህርቲ ኣብ ትካላት እዩ ዝሰላሰል፡ ስለዚ ድማ ዝኽፈሎ የብሉን። እቲ ተማሃራይ እውን መብዝሕትኡ እዋም ቀሩብ ደሞዝ ይወሃቦ።

## ምስክርነት

Eidgenössisches Fähigkeitszeugnis (EFZ)

## ሽቶ እዚ ሞያ

ኣብ ስራሕ ዓለም ምእታው፡ ናይ ሞያ ላዕለዋይ ትምህርቲ፡ ዝለዓለ ሞያዊ ስልጠና

ናብ መርኣዩ ገጽ ተመለስ




# ብቐጥታ ናብ ዩኒቨርስቲ ዘእትው ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ

(Gymnasium)

ጂምናዝዩም ክፉት ሓንጎልን ብቑዓት ነብሰ-ውሳነን የደንፍዕ። ተመሃሮ ድማ ነፍስወከፎም ብድሆ ዩኑቨርስትን ላዕለዋይ ትምህርትን ክብድሁን ኣገዳስቲ ዕዮታት ሕብረተሰብ ከበርክቶን መዳለዊ መድረኽ እዩ። ጂምናዝዩም ዝወደኡ ተማሃሮ ከኣ ናይ ባዕሎም ሓላፍነት ክወስዱ፡ ምስ ካልኦት ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ብቑዓት ከጥርዩን ዕድላት ይፈጥር። እዞም ሸቶታት ከኣ ኣብ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ትምህርቲ ይሰላልሰል (ኣብ ልዕሊ 2ይ ወይ 3ይ ዓመት ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ)። ናይ ጂምናዝዩም ማትሪክ ናብ ናይ ዩኒቨርስትን ናይ ዩኒቨርስቲ ጽፍሒ ላዕለዋይ ትምህርትን (ETH) ዘብቅዕ እዩ።

## ዝተደልዩ ጕጅለ

ጂምናዝዩም ነቶም ኣብ መጻኢ ዩኒቨርስቲ ክመሃሩ ዝደልዩ ንፉዓት ተማሃሮ ዝተዳለወ እዩ።

## ንውሓት ግዜ

4 ምሉኣት ዓመት

## ክፍሊት

ጂምናዝዩም ብመሰረቱ ክፍሊት የብሉን። ናይ ዝተፈላለየ ነገራት ግብሪ ዝኽፈል ግን ኣሎ። ናይ መምሃሪ ናውቲ፡ ኮምፕዩተር ወይ ታብለት፡ ናይ ክላስ መገሻ፡ ናይ ቋንቋ መምሃሪ መገሻ ወዘተ ዝኣመሰሉ ወጻኢታት ወለዲ ክኸፍልዎ ይግባእ። ብጠቓላላ ናይ ከባቢ 4'500.– CHF ወጻኢታት ኣብ ግምት ክኣትው ይኽእል ( እዚ ብዘይ ናይ ባቡር ክፍሊትን ብዘይ ናይ መዓልታዊ ናይ ኣለይቲ ክፍሊትን እዩ)

## ምስክርነት

ናይ ጂምናዝዩም ማትሪክ ምስክር ወረቐት

## ሸቶ እዚ ትምህርቲ

ናብ ናይ ዩኒቨርስቲ ላዕለዋይ ትምህርቲ ምስግጋር። ናብ ናይ ሳልሳይ ደረጃ ፐዳጎጂ ላዕለዋይ ቤት ትምህርቲ፡ ናይ ክኢላታት ላዕለዋይ ትምህርቲ፡ ላዕለዋይ ሞያዊ ቤት ትምርህቲ ወዘተ) እውን በዚ ክእተው ይኽእሉ። ኣብ ገለ ገለ ናይ መመዝገቢ ቅጥዕታት ክማላእ ኣለዎ (ሞያዊ ስልጠና፡ ናይ ስራሕ ተመክሮ)።




# ናይ ሞያ ማእከላይ ደረጃ

(Fachmittelschule, FMS)

Fachmittelschule ንተማሃሮ ኣብ ልዑል ሓላፍነት ዘለዎ ሞያ ኣብ ጥዕና፡ ማሕበራዊ ጉዳያት፡ ምምህርና፡ የዳልዎም ከምኡ ድማ ርክባትን ሓበሬታን እውን የዳሉ፡ እዚ ማለት ሞያዊ ስልጠና ወይ ኣውስቢልዱንግ ን höheren Fachschule (ላዕለዋይ ሞያዊ ትምህርቲ)፡ Pädagogischen Hochschule (ናይ ፐዳጎጂ ላዕለዋይ ትምህርቲ)፡ Hochschule der Künste (ቤት ትምህርቲ ስነጥበብ) ወይ ድማ Fachhochschule (ላዕለዋይ ትምህርቲ)

**ዝተደልዩ ጉጅለ**
ናብ Fachmittelschule ምእታው ድሕሪ ግዴታዊ ትምህርቲ ምስ ኣብቀዐ ክኸውን ከሎ ናብ ካልኣይ ደረጃ ዘቐነዐ እዩ ድማ።

**ንውሓት ግዜ**
ድሕሪ ሰለስተ ዓመት እዚ ናይ ፋኽ ሚትል ሹለ ምስክር ወረቐት ኣብቲ ዝመረጽዎ ዓይነት ስራሕ ይወሃቦም። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ተመሃሮ ፋኽ ማቱሪቴት ኣብቲ ዝመረጽዎ ዓየት ስራሕ ይወሃቦም።

**ክፍሊት**
እዚ Fachmittelschule ብመሰረቱ ክፍሊት ዝበሃል የብሉን። ይኹን ደኣምበር ናይ ገለ ገለ ግብሪ ዝኽፈል ኣለዎ። ናይ መምሃሪ ንብረት፡ ኮምፕዩተር ወይ ታብለት፡ ናይ ትምህርቲ መገሻ፡ ናይ ቋንቋ መገሻ ወዘተ ዝኣመሰሉ ወለዲ ክኸፍልዎ ይግባእ። ብጠቕላላ ድማ ናይ ከባቢ 9‘000.– CHF ነተን ሰለስተ ዓመታት ክህልዎ ይኽእል (እዚ ብዘይ ናይ ባቡር ክፍሊትን ተወሰኽቲ ክፍሊት ናይ መዓልታዊ መእለዩ ወይ መእተዊ ኮርስ ወይ ሙዚቃ)

**ምስክርነት**
ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምርህቲ ብቕዓት ምስክርነትን ፋኽ ማቱሪቴትን

**ሸቶ እዚ ትምህርቲ**
ኣፍደገ ናብ ላዕለዎት ናይ Fachschulen ወይ ድማ Fachhochschulen ኣብ ውሱን ኣርእስቲ ክውሰድ ይከኣል።

MATURA NAVIGATOR SG




# ማእከለይ ናይ ቢዝነዝ ትምርህቲ

(Wirtschaftsmittelschule, WMS)

እዚ Wirtschaftsmittelschule ቀንዲ ድፍኢቱ ኣብ ቋንቋ (WMS-S) ከምኡ’ውን ናይ ኮምፕዩተር ስነፍልጠት (WMS-I) ዝደረኸ እዩ። ኣብ 3ይ ዓመት ናይ ካልኣይ ደረጃ ይድረብ። ነዚ ዝተማህሩ ድማ ናይ ንግዲን ሕሳብን ምስክር ወረቐት ይረኽቡ ከምኡ ድማ ናብ ናይ ፍሉይ ሞያ ትምህርቲ ቢዝነዝን ንግዳዊ ኣገልግሎትን ክኣትዉ ይኽእሉ።

**WMS-S**
እዚ WMS ዕሙቕ ዝበለ ሓፈሻዊ ፍልጠት ንሞያዊ ኣንፈት ዝሓዘ ስልጠና ኣብ ቢዝነዝን የተኣሳስርን ንናይ ንግዲ ዕዮ ድማ የቀራርብ ከምኡ ድማ  ናብ ላዕለዎት ቤት ትምህርትታትን ካልኦት ቀጸልቲ ላዕለዎት ትምርህትን ይወስድ ክሳብ ናይ ዩኒቨርስቲ ደረጃ።

**WMI-I**
WMS-I ዕሙቕ ዝበለ ሓፈሻዊ ፍልጠት ምስ ንሞያዊ ኣንፈት ዝሓዘ ስልጠና ኣብ ቢዝነዝን ናይ ኮምፕዩተር ስነፍልጠትን ዘተኣሳስር ኮይኑ ኣብ ናይ ንግዲ ሕሳብ ዕዩ ዘቀራርብ ከምኡ ድማ ናብ ላዕለዎት ቤት ትምህርትታትን ካልኦት ቀጸልቲ ላዕለዎት ትምርህትን ይወስድ ክሳብ ናይ ዩኒቨርስቲ ደረጃ።

**ዝተደልዩ ጕጅለ**
ናብ Wirtschaftsmittelschule ዝእተው ድሕሪ ግዴታዊ ትምህርቲ ምዝዛም ኮይኑ ንፉዓት ናይ ካልኣይ ደረጃ ተመሃሮ ድማ ክሳተፍዎ ይኽእሉ።

**ንውሓት ግዜ**
4 ዓመት። ካብኣተን እተን 3 ዓመት ምሉእ ግዜ ትምህርቲ ክኾና ከለዋ እታ 1 ዓመት ከኣ ፕራክቲኩም እያ።

**ክፍሊት**
WMS ብመሰረቱ ናይ ነጻ ክፍሊት እዩ። ናይ ዝተፈላለየ ነገራት ግብሪ ዝኽፈል ግን ኣሎ። ናይ መምሃሪ ናውቲ፡ ኮምፕዩተር ወይ ታብለት፡ ናይ ክላስ መገሻ፡ ናይ ቋንቋ መምሃሪ መገሻ ወዘተ ዝኣመሰሉ ወጻኢታት ወለዲ ክኸፍልዎ ይግባእ። ብጠቓላላ ናይ ከባቢ 8‘500.– CHF ወጻኢታት ኣብ ግምት ክኣትው ይኽእል ( እዚ ብዘይ ናይ ባቡር ክፍሊትን ብዘይ ናይ መዓልታዊ ናይ ኣለይቲ ክፍሊትን እዩ)

**ምስክርነት**
ናይ ንግድን ሕሳብን ምስክር ወረቐት ምስ በሩፍስ ማቱሪቴት

**ሸቶ እዚ ትምህርቲ**
ናይ ንግድን ሕሳብን ኣፍልጦን መእተዊ ናብ ፋኽ ሆኽ ሹለን

# ማእከላይ ደረጃ ናይ ኮምፕዩተር ስነፍልጠት

(Informatikmittelschule, IMS)




እዚ IMS ዕሙቕ ዝበለ ሓፈሻዊ ፍልጠት ምስ ንሞያዊ ኣንፈት ዝሓዘ ስልጠና የተኣሳስር ከምኡ ድማ ከም ፕሮግራመር ኮንካ ምስራሕ የቀራርብ ከምኡ ድማ ናብ ካልኦት ፋኽ ሆኽ ሹለን ካልኦት ገስገስቲ ትምህርታትን የዳሉ።

IMS ናብ ክልተ ኣንፈታት የምርሕ
እዚ IMS-W ኣብ ናይ ካንቶን ቤት ትምህርቲ ኣም ብሩል ኣብ ሳንክት ጋለን ከምኡ ድማ ኣብ ናይ ካንቶን ቤት ትምህርቲ ሳርጋንስ ምስ BM ትምህርቲ ቢዝነዝን ንግዳዊ ኣገልግሎትን፡ ዓይነት ቢዝነዝ (WD-W) ከአንግድ እንከሎ፡ ኣብ ናይ ሞያን ቀጻሊ ትምህርትን ራፐርስቪል ዮና ከኣ IMS-T ምስ BM ትምርህቲ ናይ ተክኒክ፡ ህንደሳ፡ ስነፍልጠት ሂወታውያን (TALS) ክትመሃሩ ትኽእሉ።

**ዝተደልዩ ጉጅለ**
ምእታው ናብ ናይ ኮምፕዩተር ስነፍልጠት ማእከላይ ደረጃ፡ ነቲ ግዱታዊ ትምህርቲ ምስ ተወደአ ኮይኑ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ጽቡቑ ነጥቢ ዘለዎም ተማሃሮ ብዛዕባ ናይ ኮምፕዩተር ስነፍልጠት ብዙሕ ተገዳስነት ዘለዎምን ንዝኾኑ እዩ።

**ንውሓት ግዜ**
4 ዓመት። ካብኣተን እተን 3 ዓመት ምሉእ ግዜ ትምህርቲ ክኾና ከለዋ እታ 1 ዓመት ከኣ ፕራክቲኩም እያ።

**ክፍሊት**
እዚ ናይ ኮምፕዩተር ስነፍልጠት ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ብነጻ እዩ። ናይ መምሃሪ ናውቲ፡ ኮምፕዩተር ወይ ታብለት፡ ናይ ክላስ መገሻ፡ ናይ ቋንቋ መምሃሪ መገሻ ወዘተ ዝኣመሰሉ ወጻኢታት ወለዲ ክኸፍልዎ ይግባእ። ብጠቓላላ ናይ ከባቢ 8‘500.– CHF ወጻኢታት ኣብ ግምት ክኣትው ይኽእል ( እዚ ብዘይ ናይ ባቡር ክፍሊትን ብዘይ ናይ መዓልታዊ ናይ ኣለይቲ ክፍሊትን እዩ)

**ምስክርነት**
ናይ ኢንፎርማቲከር ምስክር ወረቐት ከም ናይ ኣፕ ኣቓሚ ምስ ናይ ሞያ ትምህርቲ ተክኒክ፡ ህንደሳ፡ ስነፍልጠት ሂይወታውያን ወይ ከኣ ቢዝነዝን ኣገልግሎት ንግድን ዓይነት ንግዲ

**ሸቶ እዚ ትምህርቲ**
ምስ ምትእስሳር ሰፊሕ ሓፈሻዊ ፍልጠት ከምኡ ድማ ናይ ኮምፕዩተር ልምዲ ስራሕ ብምግባር ኣዝዩ ጽቡቕ ናይ ስራሕ ዕድላት ኣብ ናይ ኮምፕዩተር ዓለም።




# መሰረታዊ ሞያዊ ስልጠናን ሓፈሻዊ ፍልጠትን

(Berufsmaturität BM 1 + EFZ)

እዚ Berufsmaturität ናይ ሞያ መሰረታዊ ትምህርቲን ዝተናወሐ ሓፈሻዊ ፍልጠትን የጠቓልል። እቲ ትምህርቲ ኣብ እዋን ኣስተምህሮ (BM 1) ወይ ድማ ድሒሩ ኣብ ካልኣይ መንገዲ ትምህርቲ (BM 2) ክዛዘም ይኽእል። እዚ BM ዝተማህረ ናብ ፋኽ ሆኽ ሹለ ብዘይ ፈተና ክኣቱ ይኽእል። ብተወሳኺ ድማ ፍሉይ ፈተና ምስ ዝሕለፍ በዚ BM ኣቢልካ ናብ ዩኒቨርስቲ ክእተው ይከኣል። ቅደመ ኮርስ ምስ ናይ ምምህርና ትምህርቲ (PH) ምስ ዝዕመም ከኣ ናብ PH ክእተው ይከኣል።

**ዝድለዩ ግጅለ**

BM ንንፉዓት ተመሃሮ ኣብ እዋን ወይ ድሕሪ ምህሮ ኣብ ሞያን ኣብ ሓፈሻዊ ፍልጠትን ዕሙቕ ዝበለ ፍልጠት ክህልዎምን ኣብ ዳሕራይ ድማ ዩኒቨርስቲ ኣብ ፋኽ ሆኽ ሹለ ክቐጽሉ ዝደልዩ ዝዓለመ እዩ።

**ንውሓት ግዜ**

BM 1 ኣብ እዋን መሰረታዊ ምህሮ ሞያ ካብ 3 ክሳብ 4 ዓመት ጎኒ ጎኒ ኣስተምህሮ ክግበር ይከኣል። ፍቓድ ናይ ኣስራሒ ግን የድሊ። ተወሳኺ ትምህርቲ BM 1 ከም ግቡእ ተወሳኺ ፍርቂ ዓመት የድሊ።እዚ ድማ ኣብ መጀመርያ ዓመት ይጅምር።

**ክፍሊት**

እዚ BM ንናይ ሞያ መሰረታዊ ትምህርቲ ስለዝምልከት ብነጻ እዩ።

**ምስክርነት**

Berufsmaturität

**ሸቶ እዚ ትምህርቲ**

ናይ ስራሕ ዓለም፡ ላዕለዋይ ሞያዊ ትምህርቲ፡ ባችለር/ማስተር FH፡ ተወሳኺ ስልጠና ባችለር/ማስተር ናይ ዩኒቨርስቲ ወይ ናይ ምምህርና ላዕለዋይ ትምርህቲ (UH, PH)




MATURA NAVIGATOR SG

# ሞያዊ ስልጠና 2

(Berufsmaturität BM 2)

እዚ Berufsmaturität BM 2 መሰረታዊ ስልጠና ሞያን ዕሙቕ ዝበለ ሓፈሻዊ ፍልጠትን የጠቓልል። ኣብ እዋን ኣስተምህሮ (BM 1) ወይ ብድሕሪኡ ኣብ ካልኣይ መስርሕ ትምህርቲ ከም BM 2 ክዛዘም ይከኣል። እዚ BM ናብ ኩለን ፋኽ ሆኽ ሹለ ከእትው ይኽእል። ፍሉይ ፈተና እንተሓሊፍኩም ድማ ናብ ናይ ዩኒቨርስቲ ደረጃ ክትበጽሑ ትኽእሉ። ቅድመ ኮርስ ምስ ትገብሩ ድማ ናብ ናይ ምምህርና ስልጠና (PH) ከእተው ይከኣል እዩ።

## ዝድለዩ ጕጅለ

እዚ BM ክሳተፍዎ ዝኽእሉ ንፉዓት ተመሃሮ ኣብ እዋን ኣስተምህሮ ወይ ብድሕሪኡ ኣብ ሞይኦም ኮነ ሓፈሻዊ ፍልጠቶም ክዕሙቑ ዝደልዩ ኣብ መጻኢ ድማ ዩኒቨርስቲ ክመሃሩ ዝደሉይ ኢሉ ዝተዳለወ እዩ።

## ንውሓት ግዜ

እዚ BM 2 እቲ መሰረታዊ ሞያዊ ትምህርቲ ምስ ተወደአ ዝውሰድ ስልጠና እዩ። ምሉእ ግዜ ትምህርቲ ን 2 ሰሚስተር ይኸይድ። ጎኒ ጎኒ ስራሕ ዝግበር እንተኮይኑ ድማ 3 ክሳብ 4 ሰሚስተር ይኸይድ። ገለ ገለ ናይ ሞያ ኮነ ናይ ትምህርቲ ምቕጻል ዘአንግዳ ባእታታት ድማ ቅድመ ኮርስ ንምዝገባ ናይ BM 2 ትምህርቲ የበርክታ።

## ክፍሊት

ኣብ ስኮላርሺፕ ብሕጊ ክህባ ዝግደዳ ካንቶናት BM 2 ብነጻ እየን። ካብ ካንቶን ወጻኢ BM 2 ክትመሃሩ እትደልዩ ግና ናብ ቤት ጽሕፈት ናይ ሞያ ስልጠና ትቕመጥሉ ካንቶን መመልከቻ ናይ ሓግዝ ክፍሊት ክግበረልኩም ክትሓቱ ይከኣል።

## ምስክርነት

Berufsmaturität (ምስክር ወረቐት ዝወሰድኩሞ ሞያዊ ስልጠና)

## ሽቶ እዚ ትምህርቲ

ናይ ስራሕ ዓለም፡ ላዕለዋይ ሞያዊ ትምህርቲ፡ ባችለር/ማስተር FH፡ ተወሳኺ ስልጠና ባችለር/ማስተር ናይ ዩኒቨርስቲ ወይ ናይ ምምህርና ላዕለዋይ ትምርህቲ (UH, PH)

MATURA NAVIGATOR SG




# መዳለዊ ትምርህቲ

(Passerelle)

እዚ መዳለዊ ትምርህቲ ንተማሃሮ ናይ ሞያ ስልጠና ዝወድኡ ወይ ፍሉይ ሞያዊ ስልጠና ዝወሰዱ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ንናይ መረጋገጺ ፈተና ክሓልፉ ዝገብርዎ መዳለዊ ዓመት እዩ። በዚ ኣገባብ ከኣ ናብ ኩሉ ዩኒቨርስቲ፡ ናብ ናይ ቴክኒክ ቤት ትምህርቲን ናይ ምምህርና ቤት ትምህርቲን ኣብ መላእ ስዊዘርላንድን ሊሽተንሽታይንን ዝምልከት እዩ።

**ዝድለዩ ጉጅለ**
እዚ መዳለዊ ትህርቲ ፓስረለ ንኹሎም ኣብ ዩኒቨርስቲ ከምሃሩ ዝደልዩ ወይ ናይ ምምህርና ስልጠና ክወስዱ ዝደልዩ ዝምልከት እዩ። እቲ ኣስተምህሮ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ቁጽርን ባህርያዊ ስነፍልጠትን ልዑል ተሳትፎ ይጠልብ

**ንውሓት ግዜ**
ካብ ጥቅምቲ ክሳብ መስከረም (ምሉእ ግዜ ትምህርቲ)

**ክፍሊት**
3‘400.– CHF (ምስ ናይ መምሃሪ ናውቲ)

**ምስክርነት**
ንናይ መረጋገጺ ፈተና ፓሰረለ ከም ሕጊ መሰረት ናይ ጂምናዝዩም ማትሪክ ምስክር ወረቐት ኣይወሃቦን እዩ። ምስ ናይ ሞያ ስልጠና ምስክር ወረቐት ወይ ናይ ክኢላ ሞያ ምስክር ወረቐት ተኣሳሲሩ ግና ናብ ኩሉ ስዊዘርላንድ ዝርከብ ዩኒቨርስቲን ኩሉ ዓይነት ናይ ዩኒቨርስቲ ትምርህትን ክውሰድ ይከኣል።

**ሸቶ እዚ ትምርህቲ**
ኣብ ዩኒቨርስቲ ወይ ናይ ምምህርና ትምርህቲ ምቕሳም




MATURA NAVIGATOR SG

# ቅድመ ኮርስ PH

(Vorkurs PH)

**ዝድለዩ ጉጅለ**
ናይ ሞያ ስልጠና ዝቖሰሙ ከምኡ’ውን ናይ ሞያ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ዝኸዱ ከምኡ ድማ ሰራሕተኛታት ብቑዕ ምስክር ወረቐት ዝውንኑ እንተወሓደ ድማ ናይ 3 ዓመት ናይ ዕዮ ተመክሮ ዘለዎም ዝምልከት እዩ።

**ንውሓት ግዜ**
ዝጅምረሉ፡ ነሓሰ (ድሕሪ ክረምታዊ ዕረፍቲ)
ዝውደኣሉ፡ መጨረሻ ግንቦት

**ክፍሊት**
ንተማሃሮ ካብ SG, AI, AR, GL, GR ከምኡ ድማ FL: 1‘200.– CHF
ምስ ናይ መመዝገቢ ናይ ፈተና ግብርን (ብዘይ ናይ ባዕዲ ቋንቋ)
ተወሳኺ ሓበሬታ www.isme.ch

**ምስክርነት**
እቲ መረጋገጺ ፈተና ንመእተዊ ምምህርና ናይ መዋእል ህጻናትን መባእታ ቤት ትምህርትን ናይ ምምህርና ቤት ትምህርቲ ኣብ መወዳእታ እቲ ዓመት ተገይሩ ይዛዘም።

**ሸቶ እዚ ትምርህቲ**
መእተዊ ናብ ናይ መዋእለ ህጻናትን መባእታ ደረጃን ምምህርና ትምህርቲ ኣብ ናይ ምምህርና ላዕለዋይ ቤት ትምህርቲ ናይ ካንቶን ሳክንት ጋለንን ግራውቡንደንን።




# ናይ ሞያ ተመክሮ

(Berufserfahrung)

ብናይ ካንቶን ወይ ጂምናዝዩም ምስክርነት ወረቐት ከምኡ ድማ ሓደ ዓመት ፕራክቲኩም ልምምድ ስራሕ ናይቲ ዝመረጽኩሞ ዓይነት ትምህርቲ ኩሉ ግዜ ንባችለር ኣብ ፋኽ ሆኽ ሹለ ክትመሃሮ ተኽእሎ ኣሎ።

**ዝድለዩ ጉጅለ**
ጅምናዝዩም ዝወድኡ፡ ብተግባርን ምጥቃምን ዝኣንፈተ ናይ ባችለር ትምህርቲ ኣብ ፋኽ ሆኽ ሹለ ክመሃሩ ንዝደልዩ።

**ንውሓት ግዜ**
1 ዓመት

**ክፍሊት**
የብሉን

**ምስክርነት**
ብዘይ ምስክር ወረቐት

**ሽቶ እዚ ትምህርቲ**
ናይ ስራሕ ዓለም፡ ባችለር ኣብ ፋኽ ሆኽ ሹለ

MATURA NAVIGATOR SG




# ባችለር ዩኒቨርስቲ/ETH

(Bachelor Universität/ETH)

ባችለር ኣብ ዩኒቨርስቲ መሰረታዊ ስነፍልጠታዊ ትምህርቲ ነናይ ዝመረጽኩሞ ዓይነት ትምርህቲ ዘቕስም እዩ። ኣብ ዩኒቨርስቲ እንተኮይኑ እቲ ቐንዲ ኣተኩሮ ኣብ ዕሙቕ ዝበለ ክለሰሓሳባዊ መሰረት ናይቲ ሳብጀክት ዝፈታተሸ እዩ። ባችለር 180 ECTS ኣለዎ። ኣብ መብዝሕትኡ ሳብጀክት ድማ ባችለር ምስ ትምረቕ፡ ናይ ስራሕ ብቑዕ ቀዳማይ ደረጃ ተባሂሉ ክስመይ ይኽኣል ከምኡ ድማ ብቐጥታ ኣብ ስራሕ ዓለም ክትዋፈር ይከኣል።

**ዝድለዩ ጉጅለ**
እዚ ባችለር ኣብ ዩኒቨርስቲ ነቶም ናይ ጂምናዝዩም ዝወድኡ ተመሃሮ ዝምልከት ኮይኑ፡ ስነፍልጠታዊ ክለሰሓሳብን ተግባርን ኣቃናቢሮም ክስልጥኑ ዝደልዩ ዝምልከት እዩ።

**ንውሓት ግዜ**
ከም ግቡእ ባችለር ናይ ዩኒቨርስቲ ምሉእ ግዜ እንተኾይኑ 6 ሰሚስተር ይወስድ። ፍሉይ ጉዳይ ምስ ዝህልው ጥራይ እዩ ብፍርቂ እንጻ ወሰድካ ክትመሃሮ ዝከኣል።

**ክፍሊት**
ክፍሊት ናይ ባችለር ትምህርቲ ኣብ ዩኒቨርስቲ ብጠቓላላ ካብ 4‘500.– CHF ክሳብ 8‘000 CHF ይኸውን። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ናይ ኮርስ መሳለጥያታት፡ መጻሕፍቲ፡ ላፕ ታፕ ወጻኢታት ኣለዎ።

**ምስክርነት**
Bachelor of Arts (BA) ወይ ድማ Bachelor of Science (BSc)

**ሽቶ እዚ ትምህርቲ**
ከም ልሙድ ናብ ማስተርስ ዲግሪ የሰጋግር ሀ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ብቐጥታ ናብ ስራሕ የሰጋግር




# ማስተርስ ዲግሪ/ETH

(Master Universität/ETH)

ናይ ዩኒቨርስቲ ማስተርስ ባችለር ምስ ተወደአ ዝግበር ኮይኑ፡ ካልኣይ ደርጃ ናይ ዩኒቨርስቲ ዝኾነ ዕሙቕ ዝበለን ፍሉይ ፍልጠትን ዘአንግድ እዩ። ማስተርስ 90 – 120 ECTS ነጥቢ ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ ድማ ብናይ ማስተርስ ዕዮ ይዛዘም። ጽቡቕ ነጥቢ ኣብ ማስተርስ ምስ ተምጽኡ ናይ ዶክትረይት ትምርህቲ ክትቅጽሉ ይከኣል።

**ዝድለዩ ጉጅለ**

ማስተርስ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣብ ስነፍልጠታዊ ባይታ ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ዓሚቕ ፍልጠት ክህልዎም ንዝደልዩ እዩ።

**ንውሓት ግዜ**

ምሉእ እዋን ትምህርቲ ካብ 3 ክሳብ 4 ሰሚስተር ክኸውን እንከሎ፡ ጎኒ ጎኒ ስራሕ እንተኮይኑ ድማ ፍርቂ እዋን ጌርካ ክውሰድ ይከኣል።

**ክፍሊት**

ናይ ማስተርስ ዲግሪ ክፍሊት ካብ 4‘000.– CHF ክሳብ 8‘000.– CHF ይኸውን።

**ምስክርነት**

ከከም ዓይነት ትምህርቲ፡ : MA (Master of Arts) MEng (Master of Engineering) MLaw (Master of Law) MMed (Master of Medicine) MSc (Master of Science) MTh (Master of Theology)

**ሸቶ እዚ ትምርህቲ**

ናይ ስራሕ ዓለም ምኽፋት፡ Certificate of Advanced Studies, Diploma of Advanced Studies, Master of Advanced Studies




# ዶክተረይት

(Doktorat)

ናይ ዶክተረይት ምስክርነት (PhD) ኣካድያማዊ ደረጃ ድሕሪ ማስተርስ ስዒቡ ዝመጽእ እዩ። ካብ ቅድም ኣትሒዙ ብዩኒቨርስቲ ዝዕደል እዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ጀሚሩ ግና ዋላ'ውን ኣብ ፋኽ ሆኽ ሹለ ክግበር ይከኣል። ንዶክተረይት ብውልቅን ጽቡቐ ነጥቢ ምስ ዝህሉን ጥራይ ይፍቀድ። ንዶክተረይት ድማ ድሕሪ ማስተርስ ተወሳኺ ስነፍልጠታዊ መጽናዕታዊ ዕዮ ክገብር ኣለዎ፡ እዚ ድማ ዲዘርቴሽን ተባሂሉ ይጽዋዕ።

**ዝድለዩ ጕጅለ**

ከከም ዓይነ ትምህርቲ፡ ዶክተራንት ኣብ ሓደ ዓውዲ ኣዝዩ ዓሚቕ ስነፍልጠታዊ ፍልጠት ክድልቡ ንዝደይሉ እዩ።

**ንውሓት ግዜ**

ከም ልሙድ ካብ 3 ክሳብ 5 ዓመታት

**ወጻኢታት**

ዶክተረይት ዝገብር ሰብ ኣብ መንጎ ተመሃሮን እቲ ቤት ትምህርትን ዝግበር ናይ ብሕቲ ስምምዕ ስለዘሎ፡ ክንድዚ ኢልካ ክትመን ዝከኣል ኣይኮነን።

**ምስክርነት**

ዶክተር

**ሸቶ እዚ ትምህርቲ**

ናይ ስራሕ ዕዳጋ፡ Certificate of Advanced Studies, Diploma of Advanced Studies, Master of Advanced Studies




# ባችለር ኣብ ናይ ምምህርና ትምህርቲ

(Bachelor Pädagogische Hochschule)

ባችለር ኣብ PH ንናይ ቅድመ-ትምህርቲ ደረጃ (መዋእለ ህጻናት) ከምኡ ድማ ንናይ መበእታዊ ደረጃ ትምህርቲ መምህር ናይ ምኺን ዝውሰድ ትምህርቲ ኮይኑ ምስ ብቑዕ ናይ ምምህርና ዲፕሎም ዝወሃብ ዓይነት ስልጠና እዩ። እዚ ባችለር ድማ 180 ECTS ኣለዎ። ሕመረት ናይዚ ዓውዲ ናይ ኣመሃህራ ስልጠና፡ ናይ ኣመሃህራን ናይ ኣተዓባብያን ስነፍልጠት ዝሓዘለ እዩ። ሓደ ካብቲ ቀንዲ ባእታ ከኣ ኣብ እዋን ትምህርቲ ተግባራዊ ተመኩሮ ምቕሳም እዩ። ድሕሪ ባችለር ምግባር ናብ ማስተርስ ምቕጻል ይከኣል። ብተወሳኺ ድማ ትምህርቲ ብምቕጻል ኣብ ፍሉይ ኣመሃህራ ዓውዲ ማስተር ምግባር ወይ ድማ ምስኡ ዝዛመድ ትምህርቲ ኣብ ሆኽ ሹለ ምቕጻል ይከኣል።

## ዝድለዩ ጉቑለ

እዚ ቤት ትምህርቲ ነቶም ኣብ መጻኢ መምሃራን ክኾኑ ዝደልዩ ተመሃሮ ዝምልከት እዩ።

## ንውሓት ግዜ

6 ሰሚስተር ምሉእ እዋን ትምርህቲ፡ ጎኒ ጎኒ ስራሕ እንተኮይኑ ድማ ብከፊል ምምሃር ይከኣል

## ክፍሊት

ንባችለር ኣብ ናይ ምምህርና ሆኽ ሹለ ብጠቕላላ ከባቢ 4‘800.– CHF ኣቢሉ ይኸውን። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ንናይ ኮርስ ናውቲ ከም መጻሕፍቲ ኮምፕዩተርን ካልእ ናይ ካብ ሃገር ወጻኢ መገሻን ወጻኢታት ኣለዎ።

## ምስክርነት

Bachelor of Arts ወይ Bachelor of Science ኣብ ልዕሊኡ ድማ ብናይ ስዊዘርላንድ ደረጃ ብቑዓቱ ዝተመስከረ ናይ ምምህርና ዲፕሎም

## ሸቶ እዚ ትምህርቲ

ናይ ስራሕ ዕዳጋ፡ Master PH, Certificate of Advanced Studies, Diploma of Advanced Studies, Master of Advanced Studies, ዝተናውሐ ትምህርቲ ኣብ PH (ዝተናውሐ ደረጃ ትምህርቲ, Master Sek I, ምስፋሕ እቲ ዓይነት ትምርህርቲ)




# ማስተርስ ናይ ምምህርና ሆኽ ሹለ

(Master Pädagogische Hochschule)

ማስተርስ ኣብ ሓደ PH ንተማሃሮ ናይ ምምህርና ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዘደንፍዕ ኮይኑ ምስ ናይ ብቑዕነት ዲፕሎማ ምምህርና ዝዕደል ምስክር ወረቐት እዩ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ I ዝተፈላለዩ ሳብጀክት ምምሃር ይከኣል። ከከም ናይ ምምህርና ቤት ትምርህቲ ድማ እቲ ክትምህሮ ዝከኣል ዓይነታት ወይ ሳብጀክትታት ይፈላለዩ እዮም። ናይ ምዝናዓ ሳብጀክትታት እውን ከምኡ። ሕመረት ናይዚ ትምህርቲ ሞያዊ ስልጠና ምስ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምህሮን ናይ ምምህርናን ናይ ኣተዓባብያን ስነፍልጠት ዘእንግድ እዩ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ናይ ተግባራዊ ተመክሮ ናይ ምድላብ ዓቢ ኣስተዋጽኦ የበርክት። ድሕሪ ማስተርስ ኣብ ፍሉይ ናይ ምምህርና ዓውዲ ኣቲኻ ትምርህቲ ምቕጻል ወይ ድማ ምስኡ ዝዛመድ ዓይነት ትምህርቲ ኣብ ሆኽ ሹለ ምቕጻል ይከኣል።

## ዝድለዩ ጕጅለ

ኣብዚ ናይ ምምህርና ዝመሃሩ ኣብ መጻኢ ከም መምሃራን ክሰርሑ ዝደልዩ ተማሃሮ እዮም።

## ንውሓት ግዜ

ምሉእ ግዜ ምስ ዝኸውን 9 ሰሚስተር ይወስድ። ጎኒ ጎኒ ስራሕ ወይ ድማ ብኸፊል ግዜ ምስ ዝኸውን ድማ ካብኡ ይነውሕ።

## ክፍሊት

ክፍሊት ናይ ማስተርስ ኣብ ናይ ምምህርና ቤት ትምርህቲ ብጠቓላላ 7’200.– CHF ኣቢሉ እዩ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ንናይ ኮርስ ናውቲ ከም መጻሕፍቲ ኮምፕዩተርን ካልእ ናይ ካብ ሃገር ወጻኢ መገሻን ወጻኢታት ኣለዎ።

## ምስክርነት

Master of Arts resp. Master of Science ኣብ ልዕሊኡ ድማ ብናይ ስዊዘርላንድ ደረጃ ብቑዓቱ ዝተመስከረ ናይ ምምህርና ዲፕሎም

## ሸቶ እዚ ትምህርቲ

ናይ ስራሕ ዕዳጋ፡ Certificate of Advanced Studies,
Diploma of Advanced Studies, Master of Advanced Studies,
ዝተናውሐ ትምህርቲ ኣብ PH (ምስፋሕ እቲ ዓይነት ትምርህርቲ)

MATURA NAVIGATOR SG




# ባችለር ኣብ ፋኽ ሆኽ ሹለ

(Bachelor Fachhochschule)

ባችለር እቲ ናይ መጀመርያ ትምረቓሉ ኣብ ሓደ ፋኽ ሆኽ ሹለ እዩ (ናይ ዓውድታት ትምርህቲ ላዕለዋይ ቤት ትምርህቲ)። ዘይከም ዩኒቨርስቲ ኣብ ፋኽ ሆኽ ሹለ እቲ ቀንዲ ኣተኩሮ ነቲ ትምርህቲ ኣጠቓቕምኡ ዝምልከት እዩ ዘድህብ። ባችለር ትምርህቲ 180 ECTS ዘለዎ ኮይኑ ሰለስተ (ምሉእ እዋን ትምህርቲ) ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት (ምስ ሞያ ዝተሓሓዝ) ይወስድ። ድሕሪ እዚ ናይ ባችለር ትምርህቲ ወይ ኣብ ስራሕ ዓለም ክትሳተፍ ይከኣል ወይ ከኣ ናብ ናይ ማስተር ትምርህቲ ክስጋገር ይከኣል።

**ዝድለዩ ጉድለ**
እዚ ባጽለር ናይ FH ብተግባራዊ ተመክሮ ዝዓለመ ኣካዳምያዊ ደረጃ ክስልጥኑን ትምህርቶም ክቐጽሉን ንዝደልዩ ተማሃሮ ኢሉ ዝተዳለወ እዩ።

**ንውሓት ግዜ**
ናይ ምሉእ ግዜ ባችለር 6 ሰሚስተር ይወስድ። ጎኒ ጎኒ ስራሕ ምስ ዝውሰድ ከኣ እንተዋሕደ ናብ 8 ሰሚስተር ክናዋሕ ይኽእል።

**ክፍሊት**
ናይ መንግስቲ ዝኾና ፋኽ ሆኽ ሹለ እንተኮይነን ካብ 500.– CHF ክሳብ 800.– CHF ንሓደ ሰሚስተር ኣቢሉ እዩ። ናይ መንግስቲ ዘይኮነ ፋኽ ሆኽ ሹለ ድማ ናይ ሓደ ሰሚስተር ግብሪ ከባቢ 5’000.– CHF ኣቢሉ ይኸውን። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ናይ ኮርስ መሳለጥያ ከም መጻሕፍቲን ኮምፕዩተርን ክፍሊት ኣለዎ።

**ምስክርነት**
Bachelor of Arts (BA) ወይ Bachelor of Science (BSc)

**ሽቶ እዚ ትምህርቲ**
ናይ ስራሕ ዕዳጋ: Master, Certificate of Advanced Studies, Diploma of Advanced Studies, Master of Advanced Studies

MATURA NAVIGATOR SG




# ተወሰኽቲ ዓውደ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ/ETH

(Zusatzmodule Universität/ETH)

ናይ ባችለር ምውዳእ ኣብ ፋኽ ሆኽ ሹለ ብናይ ማስተርስ ትምርህርቲ ኣብ ዩኒቨርስቲ ወይ ድማ ETH ነቲ ዝተመሃርኩሞ ክቐጸል ይከኣል። ኣየነናይ ዓይነት ትምርህቲ ብኸምዚ ክቐጽል ይኽእል ግና እቲ ኣዳላዊ ሊስታ CRUS-KFH-COHEP እዩ ዝውስን።

**ዝድለዩ ጉጅለ**
ንፉዓት ባችለር ዝገበሩ ተመሃሮ ናይ ፋኽ ሆኽ ሹለ እሞ ኸኣ ደሓር ስራሕ ኣብ ናይ ስነፍልጠት ዓውዲ ክዓዩ ዝደልዩ፡ መምሃራን ናይ ዩኒቨርስቲ ክኾኑ ዝደልዩ ወይ እቲ ዓውደ ትምህርቶም ኣብ ፍሉይ ዑምቀት ከብጽሕዎ ዝደልዩ እሞ ከኣ እቲ ዝደልይዎ ኣብ ፋኽ ሆኽ ሹለ ምስ ዘይህሉው።

**ንውሓት ግዜ**
1 ክሳብ 2 ሰሚስተር ከከም ዝተወሰደ ብዝሒ ናይ ክረዲት ነጥቢታት

**ክፍሊት**
ልክዕ ከምቲ ግቡእ ናይ መመዝገብን ናይ ሰሚስተር ግብርን ናይ ዩኒቨርስቲ/ETH

**ምስክርነት**
ነቲ ዝተደልየ ናይ ECTS-ነጥቢ ናይቲ ዝድለ ዓውደ ትምህርቲ ምብጻሕ፡ ካልእ ዝኾነ ወግዓዊ ማዕረግ የብሉን

**ሸቶ እዚ ትምህርቲ**
ናይ ስዊዘርላንድ ዩኒቨርስቲ ወይ ETH  ናይ ማስተርስ ማዕረግ። ድሕሪ ማስተርስ ንዶክትረይት ምግባር ይከኣል።




# ማስተርስ ፋኽ ሆኽ ሹለ

(Master Fachhochschule)

እዚ ማስተርስ ኣብ FH ንባችለር ዘመሓይሽ ትምህርቲ እዩ። ስለዚ ካልኣይ ደረጃ ናይ ዩኒቨርስቲ ትምህርቲ ክበሃል ይከኣል። ዕሙቕ ዝበለን ፍሉይ ፍልጠትን ድማ ይድለቦ። እዚ ማስተርስ ካብ 90 ክሳብ 120 ECTS ነጥቢ ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ ድማ ናይ ማስተር ጽሑፍ ምቕራብ የድልዮ። ናይ ማስተርስ ትምህርቲ፡ ሓደስቲ ተራን ዕዮታትን ኣብ ተግባር ንምውዓል ብቑዓት ዝጥረየሉ ዓውዲ እዩ። ተግባራውን ክለሰሓሳባውን ናይ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ድማ መሊሹ የማዕብል። ኣብ ልዕሊኡ ድማ እዚ ትምህርቲ ንዶክትረይት ዝግበር ፕሮግራማት ናይ ወጻኢ ዩኒቨርስትታት ዕድላት ይህብ። ሓድሽ ኣብዚ እዋን ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ፋኽ ሆኽ ሹለ ዶክትረይት ክግበር ይከኣል።

**ዝድለዩ ምጅል**

እዚ konsekutive Master FH (ንባችለር ዘመሓይሽ) ዓይነት ትምህርቲ ነቶም ባችለር ምስ ገበሮ ኣብ ሓደ ጸቢብ ኣርእስቲ ዕሙቕ ዝበለ ትምህርቲ ክቖስሙ ዝደልዩ እዩ።

**ንውሓት ግዜ**

ከም ልሙድ 3 ወይ 4 ሰሚስተር ይወስድ ምሉእ ግዜ ትምርህቲ ምስ ዝኸውን፡ ጎኒ ጎኒ ስራሕ ምስ ዝኸውን ከኣ ኣብ ትርፊ ግዜ ክግበር ይከኣል።

**ክፍሊት**

ናይ መንግስቲ ዝኾነ ፋኽ ሆኽ ሹለ እንተኮይኑ እቲ ወጻኢታት ካብ 800.– CHF ክሳብ 1‘200.– CHF ንሰሚስተር ይኸውን። ናይ ግሊ ፋኽ ሆኽ ሹለ እንተኮይኑ ድማ ከባቢ 5‘000.– CHF ንሰሚስተር ይሓትት።

**ምስክርነት**

Master of Arts; Master of Science

**ሸቶ እዚ ትምህርቲ**

ናይ ስራሕ ዕዳጋ: Certificate of Advanced Studies, Diploma of Advanced Studies, Master of Advanced Studies